# ሰንበት ዘመጻጉዕ

## 30 ኅዳር 2016 ዓ. ም. 12/10/2023)

## ደቂ ብርሃን ምኳን

**መዝሙር፡** ይቤሎ እስራኤል ኢርኢነ ወኢሰማዕነ... እስራኤላውያን ብዕዉሩ ዝተወልደ እሞ ብመዓልቲ ሰንበት ዝረአየ ርኢናን ሰሚዕናን አይንፈልጥን። ካብ እግዚአብሔር እንተ ዘይከውን ነዚ አይምገበረን፥ ብዛዕባ ዘሕወየካ እንታይ ትብል፥ ዘሕወየኒ ካብዚ ዝኸፍእ ከይረኽበካ ንኻልእ ከይትነግር በለኒ ይብል።

**ንባባት፡** ኤፌ. 5፡8-14፥ 1ዮሓ፡ 5፡11-ፍ፥ ግ.ሓ. 4:14-22፥ ዮሓ. 9፡13-25።

**ስብከት፡** ደቂቀ እጓለ እመሕያው እስከ ማእዜኑ ታከብዱ ልበክሙ ለምንት ታፈቅሩ ከንቶ ወተሓሱ ሐሰተ፥ አእምሩ ከመ ተሰብሓ እግዚአብሔር በጽድቁ። አቱም ደቂ ሰብ ንኽብረይ ክሳብ መአስ ኢኹም እትሕስርዎ ክሳብ ምአስ ኢኹም ንኸንቱነት እትፈትዉን ንሓሶት እትስዕቡን መዝ.4፡2።

ናይ ሎሚ ሰንበት ዘመጻጉዕ ተባሂሉ ይፍለጥ። መጻጉዕ አብ ጊዜ ኢየሱስ ሓደ ካብቶም ንደቂ ሰብ ዘሳቕዩ ሕማቕ ሕማም ኮይኑ ዝኸፍአ ኸአ ነዚ ሕማም ዝሓመመ ስቓዩ ከይ አኽሎ ካብ ሰብ ተፈልዩ አብ ሰብ ዘይነብሮ አብ በረኻ አብ ብዓቲ ካብ ሰብ ርሒቑ ከምዝነብር ዝገብር ሕማም ሥጋዊ ስቓይ ጥራሕ ዘይኮነ ስነ ኣእምራውን ሞራላውን ስቓይ እውን ዘለዎ እዩ። ነዚ ሕማም ዝሓመመ ብማዕዶ ሰብ ክርኢ እንከሎ ዓው ኢሉ መጻጉዕ እየ እናበለ ክሃድም አለዎ ቀልዑት ኣእማን ይድርብዩሉ፥ ብሓቂ ዘስቅቕ ሕማም እዩ ነሩ።

እዚ ሥጋዊ ሕማም አምሳል ናይ እቲ መንፈሳዊ ሕማም አብዚ እዋን ክነጽሓሉ ዝግብአና እዩ። መንፈሳዊ መጻጉዕ ካብ ሰብን አምላኽን ፈልዩ ጓኖት ይገብረና፥ ስለዚ አብዚ እዋን ካብ ሓሚምናዮ ዘሎና መጻጉዕ ወጺእና ንኢየሱስ አሕውየኒ ክንብሎ ይግብአና።

አብ ወንጌል ዮሓንስ ኢየሱስ ብመገዲ ክሓልፍ እንከሎ ንዝርአዮ ንሓደ ዕዉር ከምዘሕወየ የዘንትወልና። ናይ እቲ ታሪኽ ኅብለል እቲ ብዕዉሩ ዝተወልደ፥ ክርኢ ዘይክእል ዝነበረ እዩ። ካብ ዑረቱ ምስ ሓወየ እቶም መራሕቲ ሃይማኖት ክርእይዎ ዘይክኣሉ ንሱ ንኢየሱስ ከም ኅይትኡ ክርእዮ ጀሚሩ።

ሓዋርያት መምህር እዚ ሰብ እዚ ዕዉር ኮይኑ ኺውለድሲ መን እዩ ዝበደለ ንሱ ድዩ ወይስ ወለዱ እናበሉ ሓቲቶሞ። አብ ጊዜ ኢየሱስ ብዙሓት ዝርድእዎ ዝነበሩ ብሰንኪ ኃጢአት ሰብ ዝኾነ ሕማም ወይ መቕጻዕቲ ካብ ወለዲ ናብ ውሉድ ወይ እውን ብሰንኪ ሓደ ሰብ ካልእ ሰብ ስቓይ ከም ዝወርዶ እዩ። ወለዲ ዝበደልዎ ውሉድ ይፈድዮ። አብ ባህልና ነዚ ዝመሳሰል አሎ ወለድና ወይ አሕዋትና ዝገበርዎ ንሕና ንፈዲ ወይ ንቕጽዓሉ። ንአብነት ጋር ምኽፋል። አብ ሓደ እዋን ኢየሱስ አብ ገዛ እንከሎ ብላዕሊ ናሕሲ ዘውረድዎ ሰብ ከሕውዮ እንከሎ ዝበሎ ኃጢአትካ ተሓዲጉልካ እዩ ኢልዎ እዚ ኸአ ብሰንኪ ኃጢአት ሕማም ከምዝወርድ ንርኢ። አብዚ ግን ኢየሱስ “ናይ እዚ ሰብ ብዕዉሩ ምውላድ ብኃጢአቱ ወይ ብኃጢአት ወለዱ” ከምዘይኮነ ነጊርዎም። ብዕዉሩ ዝተወልደ ግብሪ አምላኽ አብኡ ምእንቲ ኺግሃድ ደአ እዩ እምበር ንሱ ኾነ ወለዱ አይበደሉን ኢልዎም። እዚ ተአምራት ካብቶም ሸውዓተ ተአምራታት ኢየሱስ ዝገበሮም አብ ወንጌል ዮሓንስ እንረኽቦም ሓደ እዩ።

አብ ብሉይ ኪዳን ሰዶም ጎመራን ብሰንኪ ኃጢአቶም ከም ዝጠፍኡ ከምኡ አብ ገለ ታሪኽ ወለዲ ወይ እውን ውሉድ ብዝገበርዎ ወለዲ ከም ዝቕጽዑ ነንብብ። አብዚ ናይ እዚ ዕዉር ግን ከምኡ አይኮነን። ግን ክንሓስበሉ ዘሎና ናይ ሓደ ሰብ ኃጢአት አብ ዓለምና ቅጽዓት ከምጽአልና ከም ዝኽእል ክንፈልጥ አሎና። ከምቲ ጽቡቕ ናይ ሰባት ጥቕሚ ዘልአ ኃጢአት ናይ ገለ ሰባት ከአ ጉድአት አልአ ስለዚ ብሰንኪ ኃጢአትና ሰባት ከይሳቐዩ ንሓቂ ንፍቕሪ ንፍትሒ ንሰላም ከይንዘርግ ክንጥንቀቕ ይግብአና።

**ብርሃን ዘምጽአ ሕይወት፡**

ኣብዚ ብዝያዳ ዝጸቕጠሉ እቲ ሰብ ብዕዉሩ ከም ዝተወልደ እዩ። ከምዝርኢ ምግባሩ ኣብ ሓዲስ ሕይወት ክርኢ ዝኽእለሉ ሕይወት ምእታው እዩ። ኣብ ሓዲስ ዓለም ናይ ብርሃን ምእታው እዩ። ንኢየሱስ ዘይምፍላጥ ኣብ ዑረትን ኣብ ጸልማትን እዩ ዘንብር። እዚ ፍጻሜ ነቲ ኢየሱስ "ኣነ ብርሃን ዓለም እየ" ዝበሎ መግለጺ እዩ።

ዮሓስን ወንጌላዊ ዕሙቕ ዝበለ ርድኢት ምእንቲ ክህልወና ኢሉ ኣብቲ ታሪኽ ምጅማር እቲ ሰብኣይ ዕዉር ክርኢ ይኽእል፥ ለማናይ፥ድኻ ሓንቲ ዘይብሉ፥ ጓና፥ ወላ ሓደ ዝቕበሎ ዘይብሉ ከም ዝነበረ፥ ኣብ መጨረሻ ክርኢ ምስ ከኣለ ረድኢ ክርስቶስ ከምዝኾነ ይነግረና። ከም ኣበሃህላ ወንጌል ሰብ ንኢየሱስ ኣሚኑ እንተ ኸኢሉ ውጽኢቱ ርኢኻ ምርኣይ እዩ። ሓንሳብ ንኢየሱስ ክንርእዮ ምስ ከኣልና ካብኡ ክንፍለ ዘይክኣል እዩ። ኣብ መጀመርያ ዕዉርን ኣብ ጸልማት ዝነብር እዩ ነሩ፥ ኣብ መጨረሻ ግን ኣብ ብርሃን እዩ ነሩ ምኽንያቱ ኢየሱስ ብርሃን ዓለም እዩ።

ሎሚ ዘድልየና ዘሎ ንኢየሱስ ርእየን ዝኽእላ ኣዒንቲ ክህልዋና እዩ። እቲ ዕዉር ክርኢ ምስ ጀመረ መጀመርያ ንኢየሱስ እዩ ኣለልዩ። ሰባት ብድንቁርና እንተ ተመርሑ ንዝርአ ክርእዩ ከምዘይ ክእሉ ሕያው መስካሪ ኮይኑ። ርእዩ ሰለ ዝኸኣለ መምህር ኮይኑ። ነቲ ዝርእዮ ክነግር ጀሚሩ።

**ጥፍጣፍን ጭቃን፡**

ኢየሱስ ነቲ ዕዉር ከምዝርኢ ገርዎ። ነዚ ክገብር እንከሎ ጥፍጣፍን ጭቃን ተጠቂሙ፥ በቲ እዋን ሰባት ጥፍጣፍ ከሕዊ ከምዝኽእል ይኣምኑ ነርም ሓቂ ኸኣ እዩ። ኣብዚ እዋን ጥፍጣፍና ጸረ ባዮቲክ ከምዘለዎ ይፍለጥ፥ በዚ ምኽንያት እዮም ኣኽላባትን ካልኦት እንስሳን ኣቑሳሎም ዝልሕሱ። ኣምላኽ ነቲ ቀዳማይ ሰብ ክፈጥር እንከሎ ጭቃ ተጠቒሙ፥ ኣብዚ ኸኣ እዚ ሰብ ሓዲስ ፍጥረት ኮይኑ፥ ኢየሱስ ሓዲስ ፍጥረት ክገብሮ ምስ ደለየ ጭቃ ተጠቒሙ። ቅ. ጳውሎስ ነቶም ዝተጠምቁ ሓደስቲ ፍጥረት ይብሎም። ካልእ ኢየሱስ ዝበሎ ነቲ ዝሓወየ ዕዉር ኣብ ሩባ ሰሎሆም ከይዱ ክሕጸብ ነጊርዎ እዚ ኸኣ ናይ ጥምቀቱ ምልክት እዩ። ኣብ ጥምቀት ካብ ኃጢኣትና ንነጽሕ ጽሩያት ሓደስቲ ፍጥረት ንኸውን።

**እዚ እቲ እንፈልጦ ድዩ ወይስ ካልእ ሰብ፡**

ዓይነ ስዉር ዝነበረ ክርኢ ምስ ጀመረ ኣዕርኹቱን ጎረባብቱን ንሱድዩ ካልእ እናበሉ ክሓቱን ክግረሙን ጀሚሮም ጨሪሾም ከለልይዎ ኣይክኣሉን። ብሓቂ ንሱ ድዩ? እቲ እንፈልጦ ለማናይ ዕዉር እዩ ነሩ እዚ ግን ይርኢ ኣሎ ተበሃሃሉ። ጸጋ ኣምላኽ ዝተቐበለ ብኃጢኣቱ ዝተነስሐ፥ ኣብ ኣምላኽ ዝተመልሰ ሓዲስ ሰብ እዩ ዝኸውን። ንኹሎም ምስጢራት ብግቡእ እንተ ተቐበልናዮም ከምዚ ዕዉር ዝነበረ ጨሪሽና ኢና እንልወጥ። ምናልባት ገለ ሰባት "ከምቲ ዝነበርካዮ/ክዮ የሎኻን፥ ድሕሪ ጥምቀትካን ድሕሪ ንስሓኻን ጨሪሽካ ካልእ ሰብ ኮንካ ክብሉና ይኽእሉ። ብሓቂ ክርአ እንከሎ ኸኣ ከምኡ እዮም ክብሉ ዘለዎም።

ኣብ ኣምላኽ ዝኣመነ ክቕየር ከንጸባርቕ ግድን እዩ፥ ሎሚ ንሕና እውን ሰባት ኣባና ዝርአ ጸጋ ኣምላኽ ከምዝርእዩ ክንገብር ኣሎና። ክንሕደስ ኣሎና። ጠባይና ግብርና ኩሉ ክሕደስ እንተ ተኻእለ ሽዑ ሰባት ኣባና ለውጢ ክርእዩ እዮም።

**ሕጊ/ስርዓት ዘይምሕላው፡**

እቶም ጎረባብትን ነቲ ዕዉር ዝፈልጥዎ በቲ ዝርኣይዎ ክዓግቡ ስለ ዘይከኣሉ ኣብ ፈሪሳውያን ኣምጺኦሞ። ንሳቶም ንሓቂ ዝፈልጡን ናይ ሕጊን ስርዓትን ሓለፍቲ ስለ ዝኾኑ ነዚ ጸጋ ኣምላኽ ዝተዓደለ ሰብ ኣብኦም ኣቕሪቦሞ። ኣብ ገለ እዋን ሰባት ዘምጻእናዮ መንፈሳዊ ለውጢ ክኣምኑ ስለ ዘይክእሉ ከዋርዱና ከናሽዉና ይኽእሉ እዮም እንተ ኾነ ነቲ ኣምላኽ ዝገበረልና ጸጋ ጥራሕ ክንርኢ ኣሎና።

ኢየሱስ ነቲ ዕዉር ብሰንበት ስለ ዘሕወዮን ከምኡ እቲ ዝተጠቕመሉ ኩሉ ሕጊ ዘፍረሰ ኮይኑ ስለ ዝተረድኦም እዚ ኢየሱስ ዝብሃል ብሓቂ ካብ ኣምላኽ እንተ ዝኸውን ሕጊ ኣይመፍረሰን ስለዚ ካብ ኣምላኽ ኣይኮነን ኢሎም። ግን ኃጢኣተኛ እንተ ዝኸውን ከኣ ነዚ ተኣምራት ክገብር ኣይምኸኣለን። ኃጢኣተኛታት ግብሪ ኣምላኽ ክገብሩ ኣይክእሉን እዮም። እዚ ኣብ መንጎ እቶም ፈሪሳውያን ፍልልይ ፈጢሩ ምኽንያቱ ነቲ ዝፈልጥዎን ዝኣምንዎን ተኸቲሎም ክፈርዱ ኣይከኣሉን። በዚ ምኽንያት ነቲ ዕዉር ክሓትዎ ግድን ኮይንዎም። ንሱ ኸኣ ነቲ ኢየሱስ ዝገበረሉ ኩሉ ከምብሓዲስ ክነግሮም ጀሚሩ። ንእኡ

እቲ መልሲ ቀሊል እዩ ኢየሱስ "ነቢ እዩ"። ሰንበት ወይ ዘይሰንበት አይ ኮነን እቲ ነገር ኢየሱስ ዝገበሮ ኩሉ ካብ አምላኽ ዝኾነ እዩ ዝገብር፥ ኃጢአተኛ ዝኾነ ሰብ ነዚ ከመይ ኢሉ ክገብሮ ይኽእል። እቶም ፈሪሳውያን ግን ነቲ እቲ ዕዉር ዝበሎም ሓቂ ክቕበልዎ አይከአሉን። ንሓሳቡ እንተ ተቐበሉ ንኢየሱስን ንትምህርቱን ክቕበልዎ እዮም። እቲ ሰብ ዕዉር ከምዝነበረ እውን ክአምኑ አይደለዩን።

ሰብ ልቡ ምስ ዓጸወ ነቲ አብ ቅድሚኡ ዝርእዮ ዘሎ ጸጋ አምላኽ ክኽሕድ አየጸግሞን እዩ። አብ ሕይወትና ዝገጥመና ነገር እዩ ሰባት ክኽሕዱ ክጠልሙ ክንደይ ዘይርአና ስለዚ ሓቂ ርኢና ክንክእል አብ ኢየሱስ ክንአምን ክንቀርብ አሎና። አብ ቅድመይ ዘሎ ሓቂ ርእየ ክኽእል ሓግዘኒ ዝብል ጸሎ ኩሉ ጊዜ ክንደግሞ ይግብአና።

**ካብ ጸገም ምርሓቕ፡**

ፈሪሳውያን ነቲ ጉዳይ ክአምንዎ ክቕበልዎ ስለ ዘይደለዩ ንወለዲ እቲ ዕዉር ዝነበረ እሞ ዝሓወየ እዚ ወድኹም ድዩ እናበሉ ሓቲቶሞም። ወለዲ ወዶም ዕዉር ከምዝተወልደ ሕጂ ግን ከመይ ኢሉ ከምዝርኢ ዘሎ ንአኡ ሕተትዎ እናበሉ መሊሶም እዚ ዝበሉ ኸአ ኢየሱስ እቲ መስሕ እዩ ኢሉ ንዝአመነ ካብ ቤተ መቕደስ ይሰጉዎ ስለ ዝነብሩ ፈሪሖም በጽሒ እዩ ንአኡ ሕተትዎ ኢሎሞም። እዚ ከምዚ ዝአመሰለ ጸገም አብ ታሪኽ ብተደጋጋሚ ተፈጺሙ እዩ። ብዙሓት ክርስትያን ብምኽኖም ጥራሕ ዝተፈላለየ ጸገም ይወርዶም ነሩ ሕጂ እውን ይወርድ አሎ። ስድራ እቲ ወዲ ካብ ዝስጎጉ ነቲ ነገር እናፈልጡ ከምዘይ ፈለጡ ክኾኑ መሪጾም። ነቲ ነገር አብ ወዶም ከም ዝምለስ ገረሞ፥ ንሱ ባዕሉ ክምልስ ይኽእል እዩ እኹሉ ሰብ እዩ ኢሎሞም።

አብ ሕይወትና ፍርሒ ክመልኽ እንከሎ ቀዳማይ ፍሪኡ ክሕደት ወይ ከአ መንገ መንገ ዝኾነ መልሲ ምሃብ እዩ። ነገር አምላኽ ሓቂ ምንጋር እዩ። ነቲ እንርእዮ ነቲ እንሰምዖ ነጊርና ክንክእል አምላኽ ሕልና ሂቡና ንሓቂ ከይንደፍን አብ ፍርሒ ወይ አብ ጥቕሚ ተመስሪትና ንአምላኽ ቦትኡ ከይንኸልአ ምጥንቃቕ ይሓተና።

**መን እዩ እቲ ዕዉር አብዚ፡**

እቶም ፈሪሳውያን ነቲ ዕዉር ዝነበረ "እዚ ሰብ እዚ ኃጢአተኛ እዩ ነዚ ነገር ክገብር አይክእልን እዩ" ኢሎሞ። ንሱ ግን አብቲ ዝአምኖ ነገር ጸኒዑ አነ እዚ ሰብ ኃጢአተኛ ይኹን ጻድቕ አይፈልጥን እየ አነ ዝፈልጣ ዕዉር ነረ ከም ዝርኢ ከምዝገበረኒ እየ ዝፈልጥ ኢልዎም። ከም ብሓዲስ እንታይ ገሩልካ ኢሎሞ፥ ሽዑ ብምግራም ነጊሮኩም ክትአምኑኒ አይ ከአልኩምን አርድእቱዶ ክትኮኑ ትደልዩ አሎኹም ኢኹም ኢልዎም።

ካብዚ ንድሓር ከሳጕግዎ ጀሚሮም ንስኻ ኢኻ ረድኡ ንሕና አርድእቲ ሙሴ ኢና ኢሎሞ እዚ ሰብ ካበይ ከምዝመጸ አይንፈልጥን ኢና። እዚ ግን ንሓቂ ክቕብሩ ከይአምኑ ምስደለዩ ዝበልዎ እዩ። ኢየሱስ ካብ አምላኽ እንተ ዘይከውን ነዚ ክገብር አይምኽአለን። ነቲ ዕዉር ንስኻ ብኃጢአት ተወሊድካ ንአና ክትምህር ኪድ እናበሉ ካብ ቤተ መቕደስ ሰጒጎሞ። እዚ ናይ ብዙሓት አይሁድ ዝነበሩ እሞ አብ ክርስትና ዝአመኑ ዘሕለፍዎ ተመክሮ እዩ። አብ ዳሕረዎት ዘመናት ብዙሓት ካልኦት ክርስትያን ካብ ቤተ ሰቦም ካብ ዝፈትውዎም ብሰንኪ እምነቶም ዝወርዶም ዝነበረ ተነጽሎ እዩ ዝገልጽ።

ኢየሱስ እቲ ሰብአይ በይሁድ ከም ዝተሰጎ ሰሚዑ ደልዩ አብ ከባቢ ቤተ መቕደስ ይረኽቦ እሞ "ብወዲ ሰብዶ ትአምን ኢኻ" እናበለ ሓተቶ። "ጎይታይ ብአኡ ክአምንሲ መን እዩ ንሱ ኢሉ ሓተቶ"። እቲ ሰብአይ ኢየሱስ ድሕሪ እቲ ሓዲስ ፍጥረት ምኺኑ አየለልዮን ነሩ፥ ኢየሱስ እዚ ምሳኻ ዝዛረብ ዘሎ ንሱ እዩ በሎ። ንሱ ኸአ ጎይታይ "እአምን እናበለ ሰገደሉ"። ካብኡ ንድሓር ተኸታል ኢየሱስ ኮይኑ። ረድኢ ክርስቶስ ዝብሃል ንኢየሱስ ከም ጎይትኡ ዝፈልጥን ክርእዮ ዝኽእልን እዩ። አነ እቶም ዘይርእዩ ምእንቲ ኽርእዩ እቶም ዝርእዩ ኸአ ምእንቲ ኽዖሩ ኢለ ንፍርዲ እየ ናብዛ ዓለም እዚአ መጺአ ዘሎኹ እናበለ ገሊጹ ተዛረቦ። ካብቶም አብኡ ዝነበሩ ፈሪሳውያን ንሕና ዕዉራት ምኻና ዲና እናበሉ ሓቲቶሞ፥ ኢየሱስ ከአ "ዕዉራት እንተ ትኾኑስ (ከምዚ ሰብ) ኃጢአት አይምኾነኩምን ነሩ ሕጂ ግና ንርኢ ኢና ትብሉ አሎኹም ስለዚ ኃጢአትኩም አባኹም ይነብር አሎ" ኢልዎም።

አብዚ ሰባት አብ ክልተ ከም ዝምቀሉ ንርኢ። ፩ያ ከምቲ ዕዉር ንትምህርቲ ኢየሱስ ዝቕበሉ መጓሰ አባግዑ ዝኾኑ፥ እቶም ፪ይ ከአ ከም ፈሪሳውያን ምእማን ዝአብዩ ክፍሊ ምስ ኢየሱስ ዘይብሎም። አብ ወንጌል ዮሓንስ ነዚ ታሪኽ ምስ ነገረ ብዛዕባ ሕያዋይ ጓሳ ዝብል ምዕራፍ ይጅምር። እቶም ኃጢአት ዝገብሩ፥ ምስማዕ ዝአብዩ፥ እቶም ዕቡያት፥ ንሶም እዮም እቶም ናይ ብሓቂ ዕዉራት ዝብሃሉ። እቶም ፈሪሳውያን ዝርእዩ ዝመስሎም ዝነበሩ ንሶም እዮም እቶም ናይ ብሓቂ ኃጢአተኛታት፥ እቲ ብዕዉሩ ዝተወልደ ንኢየሱስ ክአምን ዝኸአለ ግን ናይ ብሓቂ ክርኢ ጀሚሩ።

አብዚ ምስ ጥምቀት ክርስትና ዝተሓሓዝ ነገራት ንርእየሉ፥ ከምቲ እቲ ዕዉር ዝተጓዕዞ ጉዕዞ እምነት አብ ጥምቀት ንኢየሱስ ክንርኢ፥ ክነለሊን ክንክተሎን ንጅምር። ንዝተጠመቕና እውን መልእኽቲ አልኦ ማለት ንኢየሱስ ርኢና ክንክእል ንወንጌል ከአ ብጽሩይ ሰሚዕና ክንክእል አሎና። ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝበሎ “ቀደም አብ ጸልማት ኔርኩም ኢኹም ሕጂ ግና ብጎይታ አብ ብርሃን ኢኹም ዘሎኹም፥ እምብአር ከም ደቂ ብርሃን ኰንኩም ንበሩ፥ ከመይ ፍረ ብርሃን ሠናይን ጽድቅን ሓቅን ዘበለ ነገር ኵሉ እዩ” (ኤፈ 5፡ 89)። አብዚ ጳውሎስ ዝብለና ዘሎ አብ ገለ እዋን ንሕና እውን ከምዚ ዕዉር አብ ጸልማትን ዝዕንቅፍ ነገራትን ንነብር ዝነበርና ክንህሉ ይክአል እዩ፥ እንተ ኾነ ሕጂ አብ ብርሃን ወንጌል ሓዲስ ኪዳን ኢና እንነብር ዘሎና። እዚ አባና ዘሎ ብርሃን አብቲ እንነብሮ ሕይወትን አብቲ ምስ ካልኦት ዘሎና ርክብን ክርአ ይክአል። ሕይወትና አብኡ ጸልማት ዘይርከቦ ብሩህ ሕቡእ ጠባያት ካልኦት እንተ ረአይዎ ዘሕፍር ዘይብሉ ክኸውን ይግባእ።

እምብአር ሎሚ ንነፍስወከፍና ዓይኒ ሕልናና ብዝኾነ ምኽንያት ተሸፊኑ ዓዊሩ ከይህሉ እንምርምረሉ ወይ እውን አብ ቅድሚ አምላኽ ቀሪብና ክርኢ እደሊ አሎኹ እንብለሉ እዋን እዩ። አብ ልደት ክርስቶስ ገጽና ንጉዓዝ አሎና ምስጢር ትስብእቲ ክርስቶስ ርኢና ክንክእል እሞ ክንሕደስ ንለምኖ። አብ መንበር ንስሓ አቲና ኃጢአትና ንተሓጸብ ሽዑ ንፍቕሪ ክርስቶስን ንኹሉ ንሱ ዝህበና ጸጋ ርኢና ክንክእል ኢና ነዚ የኽእልና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ